# ብርቱዕ ሰዓል እንታይ እዩ?

ብርቱዕ ሰዓል፡ ብፐርቱሲስ ዝፍለጥ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኣብ ኣየር ብዝዝርጋሕ ባክተርያ ዝመጽእ እዩ። ገለ ምልክታት ድማ:



ናይ ሰዓል ምጥቃዕ



ተምላስ



ናይ ምስትንፋስ ጸገም

Public Health
Seattle & King County

# መን እዩ ኣዝዩ ክሓምም ዝኽእል?

ዕሸላት ብሰንኪ ብርቱዕ ሰዓል ኣዝዮም ክሓሙ ይኽእሉ። ገለ ዕሸላት ክስዕሉ እንከለዉ፡ ብዙሓት ዕሸላት ግን ፈጺሞም ኣይስዕሉን'ዮም። የግዳስ፡ ንምትንፋስ ክቃለሱ ይኽእሉ እዮም።

ብርቱዕ ሰዓል ኣብ ሆስፒታል ምእታው፡ ኒሞንያ፡ ምጉዳል ሓንጎል፡ ወይ ሞት ከይተረፈ ከስዕብ ይኽእል።



# ንርእሰይን ንኻልኦትን ንምክልኻል እንታይ ክገብር እኽእል?

Public Health
Seattle & King County

## ኣብ ኩሉ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ንነብሶምን ንኻልኦትን ንምክልኻል ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ።






| ዕሸላትን ንኣሽቱ ህጻናትን | ቅድሚ ዕድመ ንእስነት ዝርከቡ | ነፍሰጾራት | ዓበይቲ 19+ |
|---|---|---|---|
| Diphtheria Tetanus Pertussis (DTaP, ዲፍተርያ ቴታነስ ፐርቱሲስ) | Tetanus, Diphtheria, and Pertussis (Tdap, ቴታነስ፡ ዲፍተርያን ፐርቱሲስን) | Tetanus, Diphtheria, and Pertussis (Tdap, ቴታነስ፡ ዲፍተርያን ፐርቱሲስን) | Tetanus, Diphtheria, and Pertussis (Tdap, ቴታነስ፡ ዲፍተርያን ፐርቱሲስን) |
| 2፣ 4፣ 6 ወርሒ<br>ካብ 15-18 ወርሒ<br>ካብ 4-6 ዓመት | ካብ 11-12 ዓመት | ሳልሳይ ትሪሚስተር ናይ ነፍሲ ወከፍ ጥንሲ | ኣብ ዝኾነ ግዜ ነቶም ረኺቦም ዘይፈልጡ |

# ክታበት ንህጻናት ኣብ እዋን ጥንሲ ብኸመይ ይከላኸለሎም?



ክትክተብ ከለኺ፡ ኣካላትኪ ጸረ-ነፍሳት ይሰርሕ እሞ ናብ ውላድኪ ይመሓላለፍ። እቶም ጸረ-ነፍሳት ንውላድኪ ኣብተን ቀዳሞት ሒደት ኣዋርሕ ህይወት ይከላኸልሉ።

ነፍሰጾር እንተኾይንኪ ኣብ መጀመርታ ሳልሳይ ትሪሚስተር ጥንሲኺ ክትክተቢ። ብሰዓል እንተሓሚምኪ፡ ንህጻናት ወይ ነፍሰጾራት ኣይትኺዲ።

Public Health
Seattle & King County

# ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ብዛዕባ ክታበት ምስ ሓኪምኩም ተዘራረቡ። ሓኪም የድልየኩም? ንCommunity Health Access Program (መደብ ተበጻሕነት ጥዕና ማሕበረሰብ) ብምድዋል ተወከሱ 1-800-756-5437 ወይ ብኢመይል CHAP@kingcounty.gov።

ብዛዕባ ብርቱዕ ሰዓል ዝያዳ ንምፍላጥ ኣብዚ ተወከሱ: bit.ly/kcpertussis

Public Health
Seattle & King County

